# ሕድሪ ሰማእታት እንታይ እዩ?

ሓደ ቃልሲ ዝፍጠር ከዐውቶ ዝደሊ ፋሉይ ዕላማ ስለ ዘለዎ እዩ። ብፖለቲካዊ ክለሳ-ሓሳብ ቃልሲ ኣብ ሞንጎ ክልተ ተጻረርቲ ዕላማታት ማለት ወጻዕን ተወጻዕን፣ ገዛእን ተገዛእን ዘሎ ግርጭት እዩ። ሓደ ቃልሲ ንክዕወት ቅንዕና ወይ ሓቅነት ናይ'ቲ ዕላማ እኹል ኣይኮነን። ኣብ ልዕሊ ቅንዕና ናይ ዕላማ ሓደ ቃልሲ ብቁዕ መሪሕነት፣ ሓያል ውዳቤ፣ ጽንዓት፣ ተወፋይነትን ርእሰ-ተኣማንነትን የድልዮ። ካብ'ዚ ገለ ምስ ዝጎድል እቲ መስርሕ ዓወት ይደናገ ወይ ብኡኡ ኣቢሉ ይጠፍእ።

ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጥንትን ክሳብ ምውላድ ህዝባዊ ሓይልታት ብዙሓት ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ይጎድሎ ስለዝነበረ ቃልስና ነዊሕ ግዜ ክወስድ ተገዲዱ። ብድሕሪኡ ግን ህዝባዊ ሓይልታት በብግዚኡ ጉድለታት ሰውራ ኤርትራ እንዳኣረመ ስለዝመጸ ህዝባዊ ግንባር ብረታዊ ቃልሲ ብዓወት ከም ዝዛዘም ጌርዎ።

ዓወት ብረታዊ ቃልሲ ብኸመይ መጺኡ? ኤርትራ ብቃልስን መስዋእትን ደቃ ዝመጸት ሃገር እያ። እቲ ቃልሲ ድማ ኣብ መንጎ ወረርትን ዓመጽትን ብሓደ ሸንኽ ብኻልእ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ኣይግዛእን ኣይምብርኸክን፣ ሃገራዊ መንነተይ ኣይሸይጥን ብምባል ንዓመታት ስለ ዝተቃለሰን መስዋእቲ ስለዝኸፈለን እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ቃልሲ ዝኸፈሎ መስዋእቲ እንታይ እዩ?

ቀዳማይን ዝዓበየን መስዋእቲ ህይወት ቡሉጻት ደቁ እዩ። እዚኦም ድማ እቶም ወትሩ እንዝክሮምን ብቀጻሊ እንሕበነሎምን ብስሞም እንምሕለሎምን ስውኣት እዮም። ኩሉ ኣብ ቃልሲ ዝተሳተፈ ንዓይ ይጥዓመኒ ከይበለ ንእስነቱ፣ ፍልጠቱ ጉልበቱን ኣካላቱን መሓዉሩን ንህዝቡን ሃገሩን ዝሃበ ካልእይ ገጽ ናይ መስዋእቲ እዩ። ስለ'ዚ እዞም ሃገር ንክትህሉ ህይወቶን ዕድሚኦም ፍልጠቶምን ጉልበቶምን ኣካሎምን ንሃገርን ህዝብን ዝተበጀዉ ኩሉ ግዜ ክብሪ ይግብኦም።

ህልው ኩሉ ግዜ ህልው እዩ። ንቀጻሊ መሰላቱ ባዕሉ ክሓተሉን ክከላኸለሉን ይኽእል እዩ። እቲ ኩሉ ሂወቱ በጅዩ ምእንታና ዝሓለፈ ግን መሰሉን መሰል ስድራቤቱን መንግስትን ህዝብን ብሓባር ከማልኡሎምን ክሕግዝዎምን ክጥውርዎን ይግባእ። ብመሰረት ሓበሬታ ሚንስትሪ ሰብኣዊ ድሕነት ካብ 2015 ክሳብ ሕጂ ኣስታት ሓሙሽተ ቢልዮን ናቕፋ ንስድራቤት ስውኣት ሓገዝ ከም እተገብረ ተገሊጹ። ገለ ካብዚ ኣብ ደገ ዝነብሩ ኤርትራውያን ዝሃብዎ ሓገዝ እዩ።

መንግስቲ ምስ'ቲ ዘለዎ ከቢድ ጸገማት እዚ ኩሉ ሓገዛት ምግባሩ ኣብ ስዉኣቱ ዘለዎ ክብሪ ዘነጽር እዩ። እዚ ግን ከም'ቲ ዝድለ ኩሉ ተማሊእሎም ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ምጥዋርን ምሕብሓብን ስድራቤት ስውኣት ግን ንመንግስቲ ጥራሕ ዝምልከት ሓላፍነት

ኣይኮነን። ኩሉ ሃገራዊ ዓመት መጸ 20 ሰነ ሽምዓ ምብራህ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ኩሉ ግዜ ክንዝክሮምን ንየኦም ዝድብሱ ነገራት ክንገብር ኣሎና። ስለ'ዚ እዚ ብተግባር እንተሰሪሕናሉ እቲ ቀዳማይ ሕድሪ ስዉኣት ምትግባር እዩ።

ካልእ ሕድሪ ስውኣት እዛ ብመስዋእትን ቃልስን ዝመጸት ሃገር ዳግማይ ከይትድፈር ካብ ጸላእታ ክንከላኸለላን ዶባታ ክነጽንዓላን እቲ ዝዓበየ ሕድሪ ሰማእታት እዩ። ሰብ ቅድሚ ሕጂ ዝተሰወኣን ዝተጋደለን ወልፊ ናይ ኩናት ሃልዩዎ ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ንመሰለይ ንሃገረይን ርስተይን መጸኢ መነባብሮ ህዝብና ክመሓየሽ ኢሉ እዩ እዚ ኩሉ መስዋእቲ ከፊሉ።

ሃገር ስለዝመጸት ኩሉ ነገር ጡጡሕ ይኸይድ ማለት ኣይኮነን። ነዛ ሃገር ዝጥምትዋን ንከይትህሉን ብቐጻሊ ዝሰርሑ ኣለዉ። ሓደ ወላዲ ምስ ወለደ ንውላዱ ወሊደካ እየ ኪድ ኣብ ጎልጎል ዓንድር ኢሉ ኣይገድፎን እዩ። ውላዱ ክሳብ ዓቕሚ ሰብ ዝበጽሕ ክሕብሕቦን ጥዑይ መንገዲ ክመርሖን ግቡኡ እዩ። ብተመሳሳሊ ሓንቲ ገረብ ሓንሳብ ስለዝተኸልናያ ትጥጥዕን ትፈርን ማለት ኣይኮነን። ብቐጻሊ እንተዘይተኻናኺናያ ትቕህም ወይ ድማ ትመውት።

ሃገር እውን ሓንሳብ ዘይኮነ፣ ከም ሓንቲ ተኽሊ ንዘልኣለም ክንሕልዋን ክንከላኸለላን ግቡእ እዩ። ክልተ ሰለስተ ግዜ መስዋእቲ ስለዝተኸፍለ ብድሕሪ ሕጂ መስዋእቲ ኣየድልን እዩ ዝብል ነቲ ኣቀዲምና ዝኸፈልናዮ መስዋእቲ ብዘይ ዋጋ ምድርባይ እዩ።

ኣብ ኤርትራ ወልፊ ናይ ኩናት ዘለዎ ሰብ ወይ መሪሕነት የለን። እንኽፍሎ መስዋእቲ ድማ ንውልቀሰብ ዘይኮነስ ንሃገርና ኢና። ዘይናትና መሬት ክንጎብጥ ንካልኦት ኣህዛብ ክነሳቒ ዕላማና ኣይኮነን። ነታ ዘላትና ኣሽሓት ቡሉጻት ከፊልና ዘምጻእናያ ሃገር ክንከላኸለላን ዓሰርተ ግዜ ክንሰዋኣላን ሓላል እዩ። ቅጭ መጺኡካ ነዛ ሃገር ብሕጂ ክስወኣላን ወይ ንክስዋኣላ ዝተቀረበ ምንእእስ ግን ንሃገርካ ንጸላኢ ኣሕሊፍካ ምሃብ ስለዝኸውን ፍኑው ናይ ከድዓት ዘረባ እንተዘየስተማቀርናዮ ይሓይሽ።

ስርዓት ወያነ ህዝቢ ኤርትራ ሃገሩ ገዲፉ ንክስደድ ምስ ዓለማዊ ውዲት ንዕስራ ዓመታት ዝሰርሖ ኩሉ ዝፈልጦ እዩ። ሕጂ ኣብ ቀረባ ዶክተር ደብረጽዮን ንሓይልታት ምክልኻል ናብ ትግራይ ንክመጽእ ጻዊዒት ምግባሩ እንታይ ምኻኑ ክንሓስብ ንኽእል ዶ? ንሶም ወያነ ንመንእሰያቶም ያላ ተዓጠቑ እንዳበሉ ንሕና ሰራዊትና ከነፍርስ ወይ ተመቃቂልና ነንሕድሕድና ተዋጊእና ሃገር ክነጥፍእ ይግባእ ድዩ? ንድኽመትናን ምልሕላሕ ሓድነትና ተገንዚቦም ኣብ ሞንጎና ብስም ኣክቲቪስትስ ዶ ውድባት ሉኡኻት ወያነ ዝፍንውዎ ዘለዉ መናውራታት ንዕዘቦዶ? ንሕሰብ ደጊምና ንሕሰብ።

ካብ መስዋእቲ ፈሪሕና ግን ሃገርና ኣሕሊፍና ክንሀብ ግን ዘበት እዩ። ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ክንደይ መንእሰይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከይገብር ናብ ስደት ተጓዒዙ ኣብ ጉዕዞን ኣብ ሊብያን ሲናይን ባሕሪ መዲተራንያንን ክንደይ መንእሰይ ብኹፉእ ጠፊኡ። ሞት ብሞቱ ብኽብረት መስዋእቲ ንሃገር ኣብ ሃገር ይምረጽ። እቶም ናይ ውግእ ጥሩምባ ዝሃርሙ

ዘለዉ ዑሱባት ወያነ ንመንእሰያትና ኣፈራሪሖምን ኣዳኺሞምን ሃገር ንወያነ ከረክቡ ዝሓስቡ ዘለዉ እዮም። እቲ ናይ መጀመርታን መወዳእታን ምርጫ መንግስቲ ኤርትራ፣ ኤርትራ ዓዲ ሰላም ዓዲ ልምዓት ንክትከውን ከይተሓለለ ለይትን መዓልትን ይሰርሕ ኣሎ።

ሃገርና ክትህሉ ክሳብ ጸላኢና ኣብ ውሽጢ ምድሪ-ቤትና ኣትዩ ፋሕ ብትን ክሳብ ዘብለና ክንጽበ ማለት ኣይኮነን። መንገድኻ ብኣጋ ዘይትፈልጥ እንተኾንካ ከይተበገስካ ፈሺልካ ኣሎኻ ማለት እዩ። ኣብ ታሪኽ ንህዝቢ ኤርትራ እቲ ዝዓበየ ስግኣት ዝመጾ ዝነበረ ብደቡብ ዝመጹ ወረርቲ እዮም። ዋላኳ ኣብ 1991 ኣብ 1998 ሲዒርናዮም እንተኾና ጌና ድቃስ ስለዘይብሎም ነቂሕና ኩሉ ስግኣት ብኣጋ ክንዓግቶ ክንክእል ኣሎና።

ከምቲ ደጋጊመ ዝበልክዎ ቀዳምነት ሕድሪ ሰማእታትና እዛ ሃገር ክትህሉ ምክልኻልን ምድሓንን ምሕብሓብን ምጥዋርን ስድራቤት ስውኣትን ናይ ሓርነት ውጉእትን እዩ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ ውሽጢ ገዛና ክስርሑ ዘለዎም ዕዮ ገዛ ከም ኣድላይነቶም ቀዳምነታት እንዳሰራዕና ጠለባት ህዝብን ሃገርን ክማላእ መንግስቲ ይሰርሓሉ ኣሎ።

ደሞክራሲ ዝብላዕ ወይ ዝስተ ነገር ኣይኮነን፣ እንታይ ድኣ ንጽቡቕ ምሕደራ ክሕግዘካ ዝኽእል ሜላ እዩ። ደሞክራሲ ክዕንብብን ፍረ ክህብን ግን ቀዳምነት ህላውነት ሃገር ክነጽንዕ ኣሎና። ሓደ ጉቡኡ ከይገበር ሽውዓተ ባሕሪ ተሳጊሩ፣ ብገንዘብ ሃገርን ህዝብን ተማሂሩ፣ ነቲ ንሃገሩ ዝሕሉን ዝሃንጽን ዘሎ ይኣክል ክብል ዓገብ እዩ፣ ኣየምሕረሉን እዩ ድማ። ንሃገሩ ዘይሕሉን ምስ ጸላእቲ ሃገር ዝማሓዞ ግን ብኽድዓት ሃገር ዘኽስስ ዓቢ ገበን እዩ።

ጅግንነት ወይ ክድዓት ዓሌት ሃይማኖት ኣውራጃ የብሉን። ይትረፍ ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ዋላ'ውን ኣብ ሓደ ስድራቤት ኩሉ ሓደ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ኣብ'ዚ ሃገር ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ ዝግበር ነፍሲ ወከፍ ሰብ ነብሱ ወኪሉ ዝገብሮ እምበር ንካልኦት ወኪሉ ዝሰርሖ ኣይኮነን።

ኩሉ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ዝተሳተፈ ክሳብ እታ ጉቡኡ ዝገበረላ ጅግና እዩ። ብዝኾነ ኩነታት ካብ ቃልስን ሃገርን ሪሒቑ መጋበርያ ጸላእቲ ብምኻን ጅግና እየ ዝብል ጅግና ኣይኮነን። ዝጀመሮ ዕላማ ክሳብ መስዋእቲ እንተዘይቀጺልዎ ብዝሓለፈ ዝና ክነብር ዝደሊ ጅግና ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ሽሕ ግዜ ኣብ ወተሃደራዊ ስርሓት ጅግና ይኹን ካብ ዝኾነ ጥዑይ ስነ-ምግባር ወጻኢ ገንዘብን ንብረትን ሃገርን ህዝብን ዘለዓለ፣ ሃገሩ ራሕሪሑ ከይዱ ኣብ ስደት ዝኹብልልን መጋበርያ ጸላኢ ዝኸውን ፈጺሙ ጅግና ክኸውን ኣይክእልን። ከም ታራ ዜጋ ካብ ኣንጻር ሃገር ተሓሪሙ ጉቡኡ ዝፍጽም ድማ ሃገራዊ ተባሂሉ ክነብር ይኽእል እዩ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!

ዓወት ንሓፋሽ!

ግርማይ የማነ